
VALG

ምርጫ ሃገራዊ ባይቶ ኖርወይን ባይቶ ሳሚን
2025

Tigrinja / ትግርኛ

# ኣገዳሲ ሓበሬታ ንመረጽቲ

መዓልቲ ምርጫ ፰ መስከረም እዩ። መለለዪ መንነት ኣይትረስዕ።



# ምርጫ ሃገራዊ ባይቶ ኖርወይን ባይቶ ሳሚን 2025

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣርባዕተ ዓመት ኣብ ባይቶ ኖርወይ (ስቱርቲንገ) መን ከም ዝምውከለና ንመርጽ ኢና። ኣገደስቲ ዕማማት ባይቶ ኖርወይ፡ ሕጊ ምውጻእ፡ ናይ መንግስቲ ባጀት ምውሳን፡ ከምኡውን ንመንግስቲ ምቊጽጻር እዩ።

ባይቶ ሳሚ ድማ ኣብ ኖርወይ ብህዝቢ ዝምረጽ ባይቶ ህዝቢ ሳሚ ኾይኑ፡ ርእሱ ኽኢሉ ዝመሓደር ብህዝቢ ዝምረጽ ኣካል እዩ። ብዛዕባ ምርጫ ባይቶ ሳሚ ዝያዳ ኣብ sametinget.no ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

ኣብዚ ብሮሹር እዚ፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ምርጫ ባይቶ ኖርወይን ከመይ ጌርካ ከም እትመርጽን ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።

## መዓልቲ ምርጫ፡ ሰኑይ 8 መስከረም 2025 እዩ።

ኣብ ብዙሓት ኮሙነታት፡ ሰንበት 7 መስከረም እውን ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዝኾነ ከባቢ እዛ ሃገር ካብ ዕለት 11 ነሓሰ ክሳዕ 5 መስከረም ኣብ ዘሎ እዋን ኣቐዲምካ ኽተድምጽ ትኽእል ኢኻ። መለለዪ መንነት ኣይትረስዕ።

## ክትመርጽ ከለኻ፡ መለለዪ መንነት ኣይትረስዕ

ክትመርጽ ከለኻ መለለዪ መንነት ከተርኢ ኣሎካ። እቲ መለለዪ መንነት፡ ስም፡ ዕለት ልደት፡ ከምኡውን ስእሊ ኽህልዎ ኣለዎ። ንኣብነት ፓስፖርት፡ ሃገራዊ መለለዪ ካርድ፡ ፍቓድ መዘወሪ ማኪና ወይ ስእሊ ዘለዎ ናይ ባንክ ካርድ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ከም መናበዪ ኣረጋውያን፡ ሆስፒታል ወይ ቤት ማእሰርቲ ዝኣመሰለ ትካል ዘለኻ እንተኼንካ፡ ሓደ ሰራሕተኛ መንነትካ ከም ዘረጋግጽ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። እቲ ሰራሕተኛ እውን መለለዪ መንነት ክቕርብ ኣለዎ።

## መን ክመርጽ ይኽእል፧

ኣብ ምርጫ ሃገራዊ ባይቶ ኖርወይ ከተድምጽ መሰል ዘሎካ፡-

- ናይ ኖርወይ ዜግነት እንተልዩካ
- ኣብ መወዳእታ ናይ 2025 ዕድሜኻ 18 ዓመት ዝመልእ እንተኾይኑ
- ከም ነባሪ ሃገረ ኖርወይ ተመዝጊቡ እንተኼንካ ወይ እንተ ኔርካ

## መዓስን ኣበይን ክትመርጽ ትኽእል፧

ካብ ሰኑይ 11 ነሓሰ ጀሚሩ ክሳዕ ዓርቢ 5 መስከረም ኣብ ዘሎ እዋናት ኣብ ዝኾነ ኮሙነ **ኣቐዲምካ ኸተድምጽ ትኽእል ኢኻ።**

**ኣብ መዓልቲ ምርጫ፡** ኣብቲ ክሳዕ 30 ሰነ 2025 ኣብ ዘሎ እዋን ከም ነባሪ እተመዝገብካሉ ኮሙነ ከተድምጽ ኣሎካ። ኣብ ኮሙነኻ ግን ኣብ ዝደለኻዮ ናቑጣ ምርጫ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ።

ኣቐዲምካ ኸተድምጽ ወይ ከኣ ኣብ መዓልቲ ምርጫ ኸተድምጽ ኣይትኽእልን ዲኻ፧ ካብ 1 ሓምለ ጀሚሩ ብኣግኡ ከተድምጽ ክፈቕደልካ ንኮሙነኻ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።


ካብ 1 ሓምለ ክሳብ 29 ነሓሰ ኣብ ዘሎ እዋን እውን ኣብ ወጻኢ ሃገር ኼንካ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ **valglokaler.no** ነቲ ናይ ምርጫ ናቑጣኻ ኽትረኽቦ ትኽእል ኢኻ


## ኣብታ እትነብረሉ ኮሙነ ከመይ ጌርካ ኽም እተድምጽ





እቲ ክትጥቀመሉ እትደሊ ናይ ምርጫ ወረቐት ውሰድ።




ስም እቲ ውድብ ንውሽጢ፡ እቲ ማሕተም ዝግበረሉ ገጽ
ድማ ብደገ ከም ዝኸውን ጌርካ ነቲ ናይ ምርጫ
ወረቐት
ዕጸፎ። – ሽዑ እንታይ ንመን ከም ዝመረጽካ ካልእ ሰብ
ክርእዮ ኣይክእልን እዩ።
ኣብ ዙርያ እቲ ናይ ምርጫ ወረቐት ዝኾነ ዓይነት ፖስታ
ወይ ካልእ መሸፈኒ ክግበር የብሉን።




ናብ ሓደ ኻብቶም ምርጫ ዘካይዱ ኼድካ፡ ኣብ
ላዕለዋይ
ገጽ እቲ ናይ ምርጫ ወረቐት ማሕተም ኣግብረሉ። እዚ
ድማ እቲ ድምጽኻ ተቐባልነት ንኽረክብ ኣገዳሲ እዩ።




ነቲ ናይ ምርጫ ወረቐት ኣብ ሳንዱቕ ድምጺ ኣእትዎ።

## ካብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ኮሙነ ወጻኢ ከመይ ጌርካ ኸም እተድምጽ
ካብ ኮሙነኻ ወጻኢ ተድምጽ እንተ'ኼንካ፡ ስም ናይተን ኣብ ዝሓለፈ ሃገራዊ ምርጫ ብደረጃ ሃገር ብውሑዱ 5000 ድምጺ ዝረኸባ፡ ወይ ድማ ድሕሪ እቲ ዝሓለፈ ሃገራዊ ምርጫ ዝተመዝገባ ፖለቲካዊውድባት ዝሓዘ ወረቐት ድምጺ ኽትረክብ ኢኻ። ኣየናይ ውድብ ክትመርጽ ከም እትደሊ ኣብ ሳጹን ምልክት ክትገብር ኣለካ። እቲ ናይ ድምጺ ወረቐት፡ ስማት ሕጹያት ናይተን ውድባት ዘይብሉ እዩ።

እቲ ክትመርጾ እትደሊ ውድብ ወይ ጉጅለ ኣብቲ ናይ መድመጺ ወረቐት እንተ ዘይተዘርዚሩ ስም ናይቲውድብ ወይ ጉጅለ ከተእቱ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ድምጺ ንኽቑጸር ናብቲ እትነብረሉ ኮሙነ ይለኣኽ።

ሓሚምካ ወይ ስንኩል እንተ ኼንካ፡ ኣብ ገዛኻ ኮይንካ ኣቐዲምካ ምእንቲ ኽትመርጽ ምስ ኮሙነኻ ክትዛራረብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ገዛኻ ኼንካ ንምድማጽ ከተመልክተሉ እትኽእል ናይ መወዳእታ ዕለት፡ ሓሙስ 4 መስከረም ሰዓት 12 እዩ።

## ሓገዝ ብዛዕባ ከባብያዊ ናቑጣ ምርጫ
ከተድምጽ ከለኻ ሕቶታት እንተልዩካ ወይ ሓገዝ እንተ ኣድልዩካ ምስ ሓደ ኻብቶም ሰራሕተኛታት ምርጫ ተዘራረብ። ሰራሕተኛታት ምርጫ ምስጢር ናይ ምሕላው ግዴታ ኣለዎም።

በይንኻ ክትመርጽ ዘይትኽእለል ስንክልና እንተልዩካ፡ ሓገዝ ክትረክብ መሰል ኣሎካ። ሓደ ካብ ሰራሕተኛታት ምርጫ ወይ ካልእ ባዕልኻ ዝመረጽካዮ ሰብ ከተድምጽ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

## ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ምድማጽ መሰል

ኩሉ ናይ ምድማጽ መሰል ዘለዎ ሰብ ካብ ዳይረክቶሬት ምርጫ ኖርወይ ሓበሬታ ክለኣኸሉ እዩ። ኣብኡ ድማ ናይ ምድማጽ መሰል ከም ዘሎካ መረጋገጺ ክወሃበካ እዩ። ኣብ መዓልቲ ምርጫ ኣበይን መዓስን ክትመርጽ ከም እትኽእል፡ ከምኡውን ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታ ዝሓዘ እውን እዩ።

እቲ ሓበሬታ ናብ ዲጂታላዊ ሳጹን ፖስታኻ ወይ ኣልቲን ይለኣኽ። መንግስታዊ ኣብያተ ጽሕፈት ብዲጂታላዊ መገዲ ምሳኻ ርክብ ከይገብሩ ከሊእካ እንተ ኼንካ ወይ ከኣ ኣብ ዝሓለፈ 18 ኣዋርሕ ነቲ ኢደ-ፖርተን ዝብሃል ዲጂታላዊ መለለዪ መንነት ዘይተጠቐምካሉ እንተ ኼንካ፡ እቲ ሓበሬታ ብወረቐት ክለኣኸልካ እዩ።

እቲ ናይ ምርጫ ካርድኻ እንተ ዘይተቐቢልካ ወይ ከኣ ናይ ምድማጽ መሰል ዘሎካ እንተ ኾይኑ ርግጸኛ እንተ ዘይኴንካ፡ ምስ ኮሙነኻ ተዛራረብ።

ቅድሚ ሕጂ ናይ ምርጫ ካርድ ናብ ኩሎም መረጽቲ ይለኣኽ ነይሩ። እዚ ምድላው እዚ ግን ተቛሪጹ እዩ። ካብ ምርጫ ሃገራዊ ባይቶ 2025 ጀሚሩ ናይ ምርጫ ካርድ ናብ መረጽቲ ኣይክለኣኽን እዩ። ንኽተድምጽ መለለዪ መንነት ምምጻእ ጥራይ እዩ ዘድልየካ።

ኣብ **valg.no** ተወሳኺ ሓበሬታ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ

## መን እዩ ክምረጽ፣

ኣብ ምርጫ ሃገራዊ ባይቶ (ስቱርቲንገ)፡ ኣብ 19 ዞባታት ምርጫ 169 ወከልቲ ህዝቢ ናብ ሃገራዊ ባይቶ ኖርወይ ክምረጹ እዮም። ካብቶም ወከልቲ እቶም 150 ብቐጥታ ካብ ዞባታት ምርጫ ዝምረጹ እዮም። ብተወሳኺ ካብ ነፍሲ ወከፍ ዞባ ምርጫ 19፡ ካብ ነፍሲ ወከፍ ዞባ ምርጫ ሓሓደ ናይ መከሓሓስቲ ተመረጽቲ ይምረጹ።

ኣብ ሓፈሻዊ ምርጫ ክትመርጽ ከለኻ፡ እቶም 169 ወከልቲ መን ከም ዝኾኑ ኣብ ምውሳን ትሕግዝ።

## ምስጢራዊ ምርጫ

እቲ ምርጫ ምስጢራዊ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ናይ ድምጺ ወረቐት ምስ መረጽካ፡ ነቲ ወረቐት ካልእ ሰብ ከይረኣየካ ንበይንኻ ክትዓጽፎ ኣሎካ። ምስጢራዊ ድምጺ ምሃብ፡ ካልኦት እንታይ ከም ዘድመጽካ ከይፈልጡ ከይፈራሕካ ድምጽኻ ክትህብ ዕድል ይህበካ።

ኣብ 2025 ብዳይሬክቶሬት ምርጫ ኖርወይ እተሓትመ።
እዚ ሕታም ብቡክሞል፡ ኒኖሽክ፡ ሳሚን ካልኦት ዓሰርተ ቋንቋታትን ይርከብ።
ብዛዕባ እቲ ምርጫ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ **valg.no** ርአ።

ነቲ QR ኮድ ስካን ብምግባር ነቲ ብሮሹር ብኻልእ ቛንቋታት ኣንብቦ።